ሓርማዝ ንኸብዱ፡ ቃርማ ንኸብዱ፡ ተታሓሒዞም ናብ ሩባ ይወርዱ

ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
ድምጺ ሓርነት
24.11.2009

ህዝብና፡ ኣደዳ ፖለቲካዊ፡ ማሕበራውን ቍጠባውን ጽቕጠት፡ ኣደዳ ማእሰርትን ሞትን ስደትን፡ ኣደዳ ጥሜትን ሕማምን ምፍንቃልን፡ ኣደዳ ቀቢላውን ኣውራጃውን ሃይማኖታውን ፍልልያት ኰይኑ ኣሎ። ህዝብና፡ ሎሚ ዝጽበዮ ካብ'ዚ ሃለዋት'ዚ ዘናግፎ ሓይሊ ደኣ'ምበር፡ ኣብ'ዚ ቅልውላዋት'ዚ መሊሱ ዝሸሞ ኣይኮነን። እዚ ስቅያት'ዚ ከኣ'ሞ ኣኺሉ ተሪፍዎ ኣሎ። ነዚ ዝኸውን ግዜን ነብስን ውን የብሉን።

ነዚ ኩነታት'ዚ ንምቕያር፡ ብውሽጢ ይኹን ብግዳም ተቐባልነት ዘለዎም ናይ ለውጢ ሓይልታት ክህልዉ ይግባእ። ናይ ህዝቢ ተቐባልነት ክረኽቡ እንተደኣኮይኖም ከኣ፡ ብስቅያት ናይ ህዝቦም ዝሓሙ፡ ንሓድነት ናይ ህዝቦም ዝሰርሑ፡ ንፍትሕን ማዕርነትን ዝጣበቑ፡ ብግልጹነትን ተሓታትነትን ዝኣምኑ፡ ደኺምናን ሰልኪናን ከይበሉ ንጕዳይ ህዝቦም ዝጐዩ ውድባትን መራሕትን ምዃኖም ብግብሪ ከምስክሩ ክኽእሉ ኣለዎም።

ንውልቃዊ ወይ ጕጅላዊ ረብሓታቶም ክብሉ፡ መርዛም ናይ ሃይማኖታዊ ምፍልላያት ወፈራ ዘካይዱ ዘለዉ ዓሊ ሳልምን መሰልቱን፣ ን50% ካብ ህዝቢ ኤርትራ ከሲርና፡ ነቲ ዝተረፈ 50% ንሓዝ ካብ ዝብል ናይ ምቍማር ሕሳባት ዝተበገሱ ምዃኖም ምግማት ዘጸግም ኣይኮነን። ሰለ'ዚ ከኣ'ዮም ሕንኽ ከይበሉ፡ ንሓደ ሃይማኖትን ንሓደ ክፋል ናይ ህዝብና ብምሉኡን ብፋሽሽትነት ወይ ብናዚነት ክኸስዎ ዝተሰምዑ። ዋላ ነቶም ኣብ ደንበ ተቓውሞ ኰይኖም ንስርዓት ህግዲፍ ዝቃለሱ ዘለዉ ገለገለ ውድባት፡ ብፍላይ ከኣ፡ ንሰልፊ ዲሞክራሲ፡ ሰልፊ ህዝብን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ምስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ፍልልይ ዘይብሎም መንዛዕቲ መሬትን ናይ ሓደ ብሄርን ሃይማኖትን ተሓለቕቲ ገይሩ ክገልጽ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ተሰሚዑ ኢዩ። ሽኽ ሓምድ ቱርኪ ውን፡ ኣብ መንጎ'ዞም ሰለስተ ሰልፍታትን ኣብ መንጎ ስርዓት ኢሳያስን ፍልልይ ከምዘየለ፡ ኤረ ካብኡ ሓሊፉ ብኢሳያስ ንውክል ሓይልታት ገይሩ ክገልጸና ተራእዩ ኢዩ። ካብ'ዚ ተበጊሱ ውን፡ ንኣባላት ምንስቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ጋሽ ሰቲት ኣይትእመንዎም ጽባሕ ገዲፎምኹም ናብ ኢሳያስ ክኸዱ ኢዮም ክብል ተሰሚዑ ኢዩ።

ዝኸፋ ኰይኑ፡ እዚ ብናዚነትን ፋሽስትነትን ዝኸሰስ ዘሎ ሃይማኖትን ህዝብን ድዩ ኣብ ቅድሚ ቤት ፍርዲ ናይ ኑርንበርግ ክቐርብ፣ ወይስ እቶም ሃይማኖታዊ ምልዕዓላት ገይሮም ንህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ ሩዋንዳ ከፋልሱ ለይትን መዓልትን ዝሰርሑ ዘለዉ ዓሊ ሳልምን ተሓባበርቱን ኢዮም ኣብ ቤት ፍርዲ ህግ/ለሃይ ክቐርቡ፡ ጽባሕ ኣብ ሃገርና መሓውር ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምስ ተተኸለ ዝርአ ጕዳይ ክኸውን ኢዩ።

ናይ ሕጂ ዕማምና እምበኣር፡ ካብ'ዚ ንህዝቢ ይኹን ንተቓውሞ ሓይልታት ዘየገልግል ዝኣረገ ናይ ሕድሕድ ምክሳስ ፖለቲካን ባህልን ወጺእና፡ ንብሩህ መጻኢ ምጥማትን ምስራሕን ኢዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ ነዚ ንኹላትና ዘሳቐየና ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኣውዲቕና፣ ኵሎም ሃይማኖታት፡ ብሄራት፡ ፖለቲካውን ሲቪላውን ውድባት ኤርትራን ዜጋታትናን ብሓባር ብማዕርነትን ብፍትሕን ብምክብባርን ዝነብሩላ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ክንሃንጽ

ኢዩ ክኸውን ዘለዎ ዕላማናን ሕልምናን። እዚ ዕላማ'ዚ፡ ብዘይ ተሳትፎን ብዘይ ሓባራዊ ቃልሲ ናይ ኵሎም ክፍልታት ሕብረተ-ሰብናን ክረጋገጽ ከምዘይክእል ርዱእ ነገር ስለዝኾነ፡ ክንዮ'ቲ "ድሕረይ ሳዕሪ ኣይትብቆላ" ዝብል ኣንነታዊ ናይ ተቛመርቲ ኣተሓሳስባ ክንጥምት ክንክእል ኣሎና።

ካብ'ዚ ኣረዳድኣ'ዚ ብምብጋስ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ከመይነት ኣገጣጥማኡን ብዝብል ዛዕባ ዝተጋብአ ኣህጉራዊ ዋዕላ ብሩክሰልን ወጺኢታቱን፡ መን ተሳቲፍዎ መን'ከ ኣይተሳተፎን ብዘየገድስ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዓቢ ጽፍዒት፡ ንደምበ ተቓውሞ (ማለት ንፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ተቓወምቲ ዜጋታትን) ድማ፡ ይዕበ ይንኣስ ብዘየገድስ መኸሰብ ምንባሩ ዝከሓድ ኣይኰነን። ግዳማዊ ደገፍ፡ ንቃልስና ወሳኒ'ዩ እኳ እንተዘይበልና፡ ነቲ ናይ ለውጢ መሰረታዊ ረቛሒ ዝኾነ ኣብ ውሽጢ ዝርከብ ህዝብና ዘካይዶ ቃልስታት ብኣወንታ ዝጸልዎ ምዃኑ፡ ዝከሓድ ኣይኰነን። ህዝብና፡ ስቅያቱ ዝርድኡ ግዳማውያን ሓይልታት ከምዘለዉ ክሰምዕ እንከሎ፡ ሞራሉን ተስፋኡን ክብ ከምዝብልን፣ ብኡ መጠን ውን ንስቅያቱ ከሕጽር ቃልስታቱ ብዝያዳ ከሕንን ክተባባዕ ምዃኑ ርዱእ ነገር ኰይኑ'ዩ ዝስምዓና። ሃገራት ምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓ፡ ኣብ ጐድኒ ሃገራዊ ምሕዝነት ኤርትራ ደው ምስ በላ፡ ኣብ ህዝብናን ተቓወምቲ ሓይልታቱን ዘሕደሮ ተስፋን ናይ ቃልሲ ሞራልን ኣቕሊልካ ዝርአ ኣይነበረን። ዋዕላ ብሩክሰል ውን፡ በዚ ዓይነ'ዚ፡ ኣብ ክንዲ ዝጥመት፡ ኣሉታታቱ ዝዛየደ ኣምሲልካ ንምቕራብ፡ ዝተገብረ ፈተነታት፡ ነቲ ምእንቲ ለውጢ ዝግበር ዘሎ ቃልስታት ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ዝሕግዝ ኣይኰነን። "ሓርማዝ ንኸብዱ፡ ቃርማ ንኸብዱ፡ ተታሓሒዞም ናብ ሩባ ይወርዱ" ዝብል ምስላ ኣቦታትና ድማ፡ ነቲ ኣንጻር ዋዕላ ብሩክሰል ዝተኻየደ ሓደ ዝመስል ግን ከኣ ነናይ ገዛእ ርእሱ መንቀሊታት ዘለዎ ተቓውሞታት ግርም ገይሩ ኢዩ ዝገልጾ።

ገለ፡ ካብ'ቲ ተቓውሞታት፡ እንተላይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝርከቦ፡ ዋዕላ ብሩክሰል ንሃልኪ ዝተገብረ፡ ልሙድ ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ ዝተፈንጥሐ ትርጒም ዘይብሉ ዋዕላ ገይሩ ክገልጾ፣ ገለ፡ ንዋዕላ ብሩክሰል፡ ስልጣን ዝዕደለሉ መጋባእያ ብምቝጻር፡ ንሕና ኣይተወከልናን ካብ ዝብል መንቀሊ ተቓውሞታቱ ንዝምልከቶን ዘይምልከቶን ብዅነኔ መልክዕ ከስምዕ ተራእዩ ኢዩ። ገለገለ ካልኦት ከኣ፡ ዋዕላ ብሩሰልስ ግልጽነት ዘይነበሮን ኣግላልን ዋዕላ'ዩ ኢልዎ። ንሓደ ኪረኽባስ፡ ንሸውዓተ ጨው የማርራ ኰይኑ ነገሩ።

እቲ ካብ ኵሉ ዝገርመና ግን፡ ቻርተርን ቅዋምን ኪዳን ተጣሒሱ ዝብል ተቓውሞ ምስማዕና ኢዩ ነይሩ። ኣባላት ውድባት ኪዳን፡ በብውልቀን፡ ፖለቲካዊ፡ ውድባዊ፡ ቍጠባዊ፡ ዲፕሎማስያውን ማሕበራውን ንጥፈታት ከካይዳ ቻርተርን ቅዋምን ኪዳን ኣይኽልክልን ኢዩ። ብዘይካ፡ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ዝግበር ልዝብ ብደረጃ ኪዳን ክኸውን ኣለዎ ዝብል ስምምዕ፡ ካልእ ንኪዳን ጥራሕ ዝተሓዝአ ንሕና እንፈልጦ መዳይ ናይ ቃልሲ የለን። ኣሎ ዝብል እንተደኣ ሃልዩ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ተጣሒሱ ጥራይ ዝብል፡ እቲ ቅዋምን ቻርተርን ኣብ መርበብ ሓበሬታታት ተዘርጊሑ ስለዘሎ፡ ብንጹር እዚ ዓንቀጽ'ዚ ተጣሒሱ ኢሉ ክዛረብን ከረድእን'ዩ ዝግብኦ ነይሩ።

ብዛዕባ ኣግላልነት ብዝምልከት፡ መታን ንሓዋሩ ዝጠቕመና ኣረዳድኣ ንምውናን፡ ዝኾነ ዓዳሚ፡ ምስ ራኢኡ፡ ፖሊሲኡ፡ ዓቕሙን ዛዕባኡን ኣዛሚዱ ንመንን ንኽንደይን ይዕድም ናቱ መሰል ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ዝኾነ ውድብ ካብ ውድባት ኪዳን፡ ብናቱ ዝምድናታትን ንጥፈታትን ኣብ ዝፈጠሮ መጋባእያታትን ኣኼባታትን ክሳተፍ ማንም ከሕድጎ

ዘይኽእል መሰሉ ምኻኑ ክእመነሉን፣ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ብኣግላልነት ከኽስሶ ከምዘይግባእን ንጹር ክኸውን ኣለዎ።

ከም'ቲ ኤርትራና.ካም ዝበሎ፡ ዓሊ ሳልምን ከም ናቱ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ተማሃሮኡን፡ ንዋዕላ ብሩክሰል ከም ናይ ሓደ ሃይማኖት ዋዕላ ገይሮም ክገልጽዎ ዝፈተኑ ውን ኣይተሳእኑን። እቲ ዋዕላ ከምኡ ዘይምንባሩ ግን፡ ኣቶ ዓብዱራሕማን ሰይድን ኣቶ ሱሌማን ዓብደላን ካልኦት ካብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝመጹ ተሳተፍትን ምንባሮም እኹል መልሲ'ዩ በሃልቲ ኢና። ኣቶ ወልደሱስ ዓማር ውን፡ ንራእይን ፕሮግራምን ናይ 3 ውድባቱ ወኪሉ'ምበር ንስሙ ወይ ንሃይማኖቱ ወኪሉ ኣይተሳተፈን። ኣብ'ቲ ዋዕላ ዘቕረቦ መደረ ውን፡ ነቲ ዝተወከለሉ ሃገራውን ዲሞክራስያውን ራእይ ዘንጸባርቕ መደብ ዕዮኡ እምበር ምስኡ ዝጋጮ ቃል ኣየስምዐን። ኣቶ ተወልደ ገብረስላሰ እንተዝሳተፍ'ከ፡ ንኪዳን ወኪሉ'ዶ ምተባህለ ወይስ ካብ ስሙ ተበጊስካ ንክርስትያን'ዩ ወኪሉ ምተባህለ ነይሩ?

እንተ'ቶም፡ እዚ ናይ ዋዕላ ብሩክሰል ሓሳብ ቅድሚ 2 ዓመት ኢዩ ተጠኒሱ፡ ንሕና ንፈልጦን ንከታተሎን ኔርና ዝብሉ፡ ስለምንታይ ኢዮም ክሳብ'ዛ ዕለት'ዚኣ ኣጽቂጦም ክጸንሑ መሪጾም? ስለምንታይ ኢዮም'ከ፡ ኣብ ኣፉን ዕርበቱን ተቓውሞኦም ክገልጹ መሪጾም? ባህ ዘየብሎም ነገር እንተነይሩ፡ ስለምንታይ ንህዝቢ ኣቐዲሞም ዘይሓበሩ? ወይስ ኪረኽብዎ ዝደለዩ ኣካል ነይርዎ ኢዩ? ከም'ዚኦም ዝዓይነቶም ሰባት ግልጽነት ጕዲሉ ኢሎም ክኸሱ  ፈጺሙ ኣየምሕረሎምን'ዩ ጥራሕ ዘይኰነስ ቅቡል ውን ኣይኰነን።